# ኣብ ማሕበረሰብ ዚግበር ናይ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው

ካብ መንግስትታት ወጻኢ ብዛዕባ ዚመጽእ ምፍርራህን ፀገምን ብኸመይ ሪፖርቲ ከምትገብር

FACTSHEET / March 2023

afp.gov.au

## Introduction

ናይ ወጻኢ ሃገር ጣልቃ ምእታው ንሕዝቢ ኣውስትራልያ ንሉዓላውነትን ድሕንነትን ከምኡውን ንንጽህና ሃገራዊ ትካላትና ኸቢድ ስግኣት ኢዩ ዘምፅእ። ወጻእተኛታት ጣልቃ ኸም ዚኣትዉ ዜስግእ ነገራት ኣብ ሓደ ኽፋል ማሕበረሰብ ኣውስትራልያ ኹነ ኣብ ሓንቲ ሃገር ጥራይ ዚፍጸም ኣይኰነን። ተጸባእቲ ወጻእተኛታት ተዋሳእቲ መንግስቲ (ኣብ ልዕሊ ኻልኦት ሃገራት ጽልኢ ዝመልኦ ንጥፈታት ዝፍጽማ ሃገራት) ኣብ ኵሉ ደረጃታት መንግስትን ኣብ እተፈላለየ ዓውድታትን እንተላይ ኣብ ደሞክራስያዊ ትካላት ንዝርከቡ ኣውስትራልያውያን ውሳነ ዝገብሩ ሰባት ጣልቃ ንምእታው ኣጋጣሚታት ይፈጥሩን ይስዕቡን ከምዘለው፣ ትምህርትን መጽናዕቲ ምርምርን፣ መራኽቢ ብዙሓንን መራኸብን፣ ወሳኒ መሰረት፣ ልዕሊ ኹሉ ድማ እተፈላለየ ባህላውን ልማዳውን ማሕበረሰብና (CALD) ኢዩ።

## ወጻእተኛታት ኣብ ማሕበረሰብ ጣልቃ ምእታው

ኣብ ማሕበረሰብ ውሽጢ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው ክበሃል እንከሎ ኣብ እተፈላለየ ባህሊን ቋንቋ/ CALD ማሕበረሰብ ኣውስትራልያ ጉድኣትን ጽልዋን ንምምጻእ ብመንግስትታት ወጻኢ ዝግበር ምፍርራህን ጸቕጢ ምፍጣርን ተባሂሉ ኢዩ ዝትርጎም። መንግስትታት ወጻኢ ንዝተፈላለየ ዕላማታት ኣብ ማሕበረሰባት ጣልቃ ኺኣትዋ ይኽእላ እየን:

- ብዛዕባ ውሽጣዊ ኹነ ናይ ደገ ፖሊሲታት መንግስቲ ወጻኢ ንዚወሓጥ ነቐፌታ ስቕ ንምባል
- ንንጥፈታት ኣባላት ጒጅለ ከይዲ (ብኢንተርነትን ብኢንተርነትን) ንምቍጽጻር
- ኣረኣእያን ፖሊሲታትን መንግስቲ ወጻኢ ንክማሓየሽ
- ንጥቕሚ መንግስቲ ወጻኢ ሓበሬታ ንምርካብ
- ንኣረኣእያን ድሌትን እቶም ሓፋሽ ሕዝቢ ንምቕስቃስ ይኸውን።

## ኣብ ማሕበረሰብ ወጻኢ ጣልቃ ምእታው እተፈላለየ መልክዕ ኪሕዝ ይኽእል እዩ

በዚ ዚኻተት:

- መጥቃዕቲ ወይ ንመጥቃዕቲ ምፍርራሕ
- ምዝመዛ
- ብምጭውይ ዘይሕጋዊ ማእሰርቲ ወይ ሓርነት ምስኣን
- ደድሕሪ ምስዓብን ዘይድለ ኣካላዊ ወይ ኤለክትሮኒካዊ ምክትታልን
- ሓደ ውልቀሰብ ንስድራ ቤቱ ወይ ንብጻቱ ኣብ ወጻኢ ሃገር ኬፈራርሆም ከለዉ ከምኡ ኣገዲዶም ንሳቶ ዝበልዎ ንክገብሩ

- ንሓደ ውልቀሰብ ወይ ጕጅለ ውርደት ንምምጻእ ብማሕበራዊ መራኸቢ ኣቢልካ ብኢንተርነት ዚግበር ናይ ሓሶት ሓበሬታ ወፈራ።

ብኣንቀጽ ሕጊ 1995 (Cth) መሰረት ናይ ወጻኢ ሃገር ጣልቃ ምእታው እንቕስቓሰ ንክምስረት ምስ ወጻኢ መንግሥቲ ወይኻዓ ካብቶም ተወከልቲ ዝተተሃዘ ክኸውን ኣለዎ። ብተወሳኺ ድማ መኽበሪ ሕጊ ድርጅታት ነቲ ገበን ከጻርዩ እንከሎ ኣብ ኣውስትራሊያ ምምሕዳር ክልል ወይ ኣብ ተሪቶርይ ክልል ውሽጢ ንዝፍጸም ገበናት ኣብ ግምት ውሽጢ ምእታው ይኻኣል።

## ዕላማ መጥቃዕቲ ዝወረዶ መን እዩ?

መንግስትታት ወጻኢ ዕላማ መጥቃዕቲ ኬወርዶ ዝኽእል፤

- ቀደም ወይ ሕጂ ኣብ ኣውስትራልያ ዝነብሩ ዜጋታት
- ተጣበቕቲ ፖለቲካን ሰብዓዊ መሰላትን
- ተቓወምቲ
- ጋዜጠኛታት
- ፖለቲካውያን ተጻረርቲ
- ብሓይማኖታዊን ዓሌታዊ ውሑዳት ንዝኾኑ ጕጅለታት።

## ንኽሕግዝ እንታይ ክገብር እኽእል?

ኵሉ እቲ ወጻእተኛታት ኣብ ማሕበረሰብ ጣልቃ ኽም ዝኣተዉ ዚገልጽ ጸብጻባት ኣውስትራሊያ ፈደራል ፖሊስ/AFP ከምዘይገብሮ እሞ ሕድሕድ ሪፖርቲ ንመእተዊ ዝኸውን ጕዳያት **ዘምዕብል ስዕሊ መግለጺ ብምሃብ ክሕግዝ** ይኽእል።

**ዝኾነ ይኹን ናይ ወጻኢ ሃገር ጣልቃ ምእታው ዘተሓሳስብ ጕዳያትን/ወይ ኣጋጣሚታትን** ናብ ሃገራዊ ጸጥታ ሆትላይን (NSH) **ክቐርብ ይኽእል ኢዩ።**

- ኣብ መዓልቲ 24 ሰዓት ኣብ ሰሙን 7 መዓልቲ ከምኡውን ብዛዕባ እቲ ወጻእተኛታት ኣብ ማሕበረሰብ ጣልቃ ኽእትውዎ ዝኽእሉ ነገራት ጸብጻብ ንምሃብ ቀንዲ ነጥቢ ኢዩ።
- NSH ኦፕሬተራት ንስኻ ብዝሃብካዮ መረዳእታ እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ይፈልጡ እሞ ኣድላይ ኣብዝኾነሉ እዋን ንክጻረይ ናብ ሕጊ መኽበርቲን ናብ ድሕንነታ ድርጂታት የመሓላልፍዎ፤
- NSH ኦፕሬተራት ነንሕድሕድ ዝተደወለ ስልኪ ብጵቡቕ ከምዝህዘ ከምኡ'ውን ንዝረኸብዎ መረዳእታ ኩሉ ዓቢይ ዋጋ ግምት ውሽጢ ይህብዎ።
- ዜተሓሳስበና ጕዳይ ሪፖርቲ ምግባር ዓብዪ ስጕምቲ ኪኸውን ከም ዚኽእል ንፈልጥ ኢና። ነቲ ንብሕትኻ ዘሎካ መሰል ኣርዚንና ኢና እንርእዮ። ስሙ ኽይፍለጥ እንተ ደሊኻ በጃኻ ነቲ ኦፕሬተር ንገሮ።
- እቲ ሓበሬታ ተኣፋፊ ስለ ዝኾነ ብዛዕባ ውጽኢት ነቲ እትድውለሉ ወይ እትልእኮ ኢሜል ምኽሪ ምላሽ ኣይክትረክብን ኢኻ።

እቲ ትህቦ መረዳእታ ንናይ AFP በቲ ማሕበረሰብ ውሽጢ ናይ ወጻእ ሃገር ጣልቃ ኣታዊነት ንክነብር ንምሕጋዝ ዝጐደሎ እሞ ዘድሊ ነገር ክህልው ይኽእል።

**NSH**’ን ክተዘራርብ ትኽእለት ዝተፈላለዩ መገዲታት ኣሎ:

- **ብስልኪ ምድዋል: 1800 123 400**
  - ካብ ኣውስትራሊያ ወጻእ ኾይንካ ንምድዋል: (+61) 1300 123 401
  - ምስማእ ጸገም ንዘለዎም/TTY ተጠቐምቲ(ናይ ምስማእ ጉድዓተኛ ተጠቀምቲ): 1800 234 889
  - **ኣስተርጓማይ ትደሊ እንተኾይንካ፤ በጃኻ ናብ ትርጉምን ኣስተርጓማይ ኣገልግሎት ብቁፅሪ 131 450 ምድዋል እሞ ናብ ሃገራዊ ድሕንነት ሆትላይን ደዊሎም ንከራኽቡካ ምሕታት**
- **መልእኽቲ/SMS**
  - በጃኻ ንዘለኻ ሓበሬታ ብናይ ተክስት መልኣኺ ጌርካ ብስልኪ ቍፅሪ 0498 562 549 ጌርካ ምልኣኽ።
- **ኢሜል/Email**
  - በጃኻ ንዘለኻ ሓበሬታ ብኢሜል ምልኣኽ: hotline@nationalsecurity.gov.au
- **ፖስታ:**
  - በጃኻ ንዘለኻ ሓበሬታ ብፖስታ ጌርካ ንምልኣኽ ኣድራሻ:
    National Security Hotline
    Department of Home Affairs
    PO Box 25
    Belconnen ACT 2616

## ሪፖርቲ ንምግባር ኻልእ መገድታት

ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ብእተፈላለየ መገድታት ኣቢልካ እውን ብዛዕባ ሻቕሎትካ ጸብጻብ ክትህብ ትኽእል ኢኻ።

- ድሕንነት ነቲ ኣብ ኢንተርነት ዚርከብ ከቢድ ሃሰዪ ትሕዝቶ ንምውጋድ ይሕግዝ። ነቲ ኣብ esafety.gov.au/report ዚርከብ esafety ኮሚሽነር ድሕንነት ብኢንተርነት ዚፍጸም ከቢድ ማህሰይቲ ጸብጻብ ክትህቦ ትኽእል ኢኻ።
- ብዝኾነ ይኹን **ስግኣት እንተ ድኣ ተሰሚዑካ ወይ ድሕንነት** ንዘይምህላው እንተድኣ ተሰሚዑካ ክትራኸብ ትኽእሎ:
  - **ንፖሊስ- ብስግኣት ውሽጢ እንተሃሊኻ ብቍፅሪ 000 ምድዋል**
  - **ንፖሊስ- ንሕይወት ብዘየስግዕ ችግር ፖሊስ ንክርከብ ብቍፅሪ 13 14 44 ምድዋል።**
- ንኮመንወልዝ ገበን ፍጻመ ብናይ AFP ኮመንወልዝ ገበን ትሕዝቶ ድረገጹforms.afp.gov.au/online_forms/report_a_crime ጌርካ ሪፖርቲ ምግባር ትኽእል። ናይ ኮመንወልዝ ገበን እንታይ ከምዝኾነ ተወሳኺ መረዳእታ ንምርካ በጃኻ ኣብ ድረገጺ afp.gov.au/contact-us/report-commonwealth-crime#What-is-a-Commonwealth-crime ኣቲኻ ምርኣይ።
- ዝኾነ ይኹን ኣባል ማሕበረሰብ ንዘሎ ጥርጣረ ምስላል ወይ ናይ ወጻእ ሃገር ጣልቃ ኣታውነት ምንቕስቓሳት ብቐጥታ ምስ ኣውስትራሊያ ፈደራል ፖሊስ/AFP ኣባል (ንናይ AFP ማሕበረሰብ መራኸቢ ጕጅለ ሓዊሱ) ተዘራሪብካ ሪፖርቲ ምግባር ይኽእል።

## ወጻእተኛታት ኣብቲ ማሕበረሰብ ጣልቃ ኽም ዝኣተዉ ሪፖርቲ ጸብጻብ ብምሃብ እንታይ ክጽበ እኽእል?

AFP በቲ ማሕበረሰብ ውሽጢ ንዘሎ ናይ ወጻእ ሃገር ጣልቃ ኣታውነት ሕድሕድ ሪፖርቲ ከጻርዮ ኣይኽእልን። ሕድሕድ ናብ NSH ዝግበር ስልኪ ጻውዒት ወይኻዓ ናይ ገበን ወንጀል ሪፖርቲ በብደረጅኡ ገምጋም ንዝኾነ ናይ ገበን ፍጻመ ፈሊኻ ዝፍለጠሉ ንምኧኑ ንክፍለጥ እዩ። ሪፖርቲ ብምግባር ክብ ዘምጽኦ ውጽዒት ውሽጢ በዚ ዝስዕብ የጠቓልል:

- እቲ ጉዳይ ነቲ ፖሊስ ስጉምቲ ንኺወስዱ ዚገብርዎ ናይ ሕጊ መሰፈርቲ ስለ ዘይየማልኣ መልሲ ኣይህብን ይኸውን
- AFP ንከጻርይ ይኽእል ይኸውን
- ካልእ ኣገልግሎት ፖሊስ ወይ መንግስታዊ ትካል ነዚ ጉዳይ እዚ ይፈትሖ ይኸውን።

ካብ ኣውስትራልያ ወጻኢ ንዚፍጸም ገበናት ኣብ ትሕቲ ስልጣን ሕጊ ዘሎ ድሩትነት ይምልከቶ እዩ።

## እተፈላለየ ዓይነት ምፍርራሕ

### ብኣካል እንተ ኣፈራሪህካ እንተኾይኑ

- ነቲ መፍርራሕ ዜስግእ ኵነታት ከምቲ እተነግሮ ጌርካ ጽሓፎ ወይ መዝግቦ።
- ብዛዕባ እቲ ዘስግአ ዘፈራርህ ሰብ (ስም፣ ጾታ፣ ቍመት፣ ክብደት፣ ሕብሪ ጸጕርን ዓይንን ድምጺ ክዳን ወይ ካልእ ፍሉይ ነገራት) ብዝርዝር መዝግብ።
- ብዛዕባ እቲ ዘስግእ ኵነታት ንፖሊስ ጸብጻብ ሪፖርቲ ምግባር።

### ብተሌፎን ተጌሩ ኣፈራሪህካ እንተኾይኑ

- ዚከኣል እንተ ኾይኑ ኣብ ጥቓኻ ንዝነበሩ ኻልኦት ሰባት ጽን ኢሎም ንኺሰምዑን ንፖሊስ ሓበሬታ ንክህቡ ምልክት ግበር።
- ዚከኣል እንተ ኾይኑ ነቲ ስልኪ ጻውዒት መዝግበሉ።
- እቲ ዜስግእ ኵነታት እንታይ ምኧኑ ብልክዕ ጽሓፍ።
- ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ኻብ ኤለክትሮኒካዊ መርኣዪ ተሌፎን ቀዲኻ ምርኣይ።
- ብዛዕባ እቲ ዝርዝር ጉዳይ ምስ ፖሊስ ንምምይያጥ ድሉው ምኧን።

### ብሞባይል መልእኽቲ ብቐጥታ/ብሕታዊ መልእኽቲ ብማሕበራዊ መራኸቢ ወይ ብኢ-መይል ኣቢልካ ብኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ተጌሩ ኣፈራሪህካ እንተኾይኑ

- ነቲ መልእኽትታት ኣይትደምስሶ።
- ሕትመት፣ ፎቶ፣ ስእሊ፣ ስክሪንሾት፣ ወይ ቅዳሕ እቲ መልእኽቲ መረዳእታ (ናይ ኣርእስቲ መስመር፣ ዕለት፣ ግዘ፣ ለኣኺይ ወ.ዘ.ተ)። ግዝያዊ ኪኸውን እተነድፈ መልእኽትታት ንምዕቓብ ወይ ስክሪንሾት ንምውሳድካ ምርግጋፅ።
- ምፍርራህ ከምዝበጽሓካ ቐልጢፍካ ንፖሊስ ኣፍልጦ።
- ንኹሉ ኤለክትሮኒካዊ መርትዖታት ዓቅቦ።

## ንርእስኻ ኻብዚ ኸምዚ ዝኣመሰለ ምፍርራህ ንምክልኻል ነዚ ዚስዕብ ምኽሪታት ምኽታል:

- ካብ ዘይተፈልጡ ልኡኻት ኤለክትሮኒካዊ መልእኽትታት ወይ ሓቢሩ ዝተተሓዘ ኣይትኽፈት
- ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ምስ ዘይትፈልጦም ወይ ምስ ዘይተጸበኹምዎ ሰባት ኣይትዘራረብ
- ኣብ መሳርሒታትካ ዘሎ ናይ ድሕንነት መዐቀብታትካ/ኣካውንቲ ሕሳብካ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዕቑባ ከም ዝበጽሐ ኣረጋግጽ
- ሳይበር/Cyber ገበነኛታት ብኢንተርነት ኣብ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታትካ ተጠቂሞም ብሕታዊ ሓበሬታ ከቃልዑን ይኽእሉ እዮም
- ኣካውንት ሕሳብካ ኻብ ስርቂ መንነት ንምሕላው ቐልጢፍካ ምስ ገንዘባዊ ትካላትካ ተራኸብ
- ሓያል መክፈቲ ሓረጋት ተጠቐም ከምኡ’ውን ሓደ ዓይነት መክፈቲ ሓረጋት ንብዙሕ ድረገጺ ወብሳይታት ኣይትጠቐም
- ጸረ-ቫይረስን ጸረ-ማልወይን ኣሰራርሓ እዋናዊ ምዃኑ ኣረጋግጽ
- ከከም ኣድላዩነት ንኣሰራርሓ ስርዓትን ሶፍትዌርን እዋናዊ ግበረሉ
- ሓቅነት ክልተ ረቛሒታት ኣብ ግብሪ ኣውዕሎ
- ኣዘውቲርካ ናይ ድሕረ -ባይታ ሓበሬታ
- ንሞባይልካ መሳርሒ ድሕንነት ምህላው
- ዜተኣማምን ኣተሓሳስባን ፍልጠትን ንናትኻ ሳይበር/Cyber ኣማዕብል
- ንዝበለጸ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ ድሕረገጽ cyber.gov.au ምርኣይ።